# ማሕበራዊ ምግላል ኣብ ርኡይ ስእሊ መንእሰያት ስደተኛታት ዘሕደሮ ጽልዋ

Access Alliance
Multicultural Health and Community Services

CYRRC



## ዕላማታት ምርምር

- መንእሰያት ስደተኛታት ንነዊሕ እዋን ካብ ማሕበራዊ ጉዳያት ተገሊሎም ኪነብሩ ኸለዉ (ካብ 16 ኽሳዕ 24 ዝዕድሚኦም) ኣብ እዋን ለበ ኮቪድ-19 እንታይ ዓይነት ጽልዋ ኸም ዘሕለፉ ፈሊኻ ፍለጥ።
- መንእሰያት ስደተኛታት ነዚ ጸገማት እዚ ንምብዳህ ዚጥቀሙሉ ናይ ምጽዋር ሜላታት መርምር።
- ኣብ መጻኢ ንዜጋጥሙ ተመሳሳሊ ኹነታት ዚኸውን መርትዖ ዘለዎ ተጻዋርነት ዜርኢ ኣርኣያ ኣማዕብል።

## ሜላ

እዚ መዛኑኦም ዝመርመርዎ ስሉጥ ናይ ጽሑፋት ድግማ ምርምር ካብ መጋቢት 2022 ክሳዕ ለካቲት 2023 ኣብ ዘሎ እዋን ብመሰረት ኣሰራርሓ ስርዓታት ኮክሬን፣ ኣሰራርሓ ፕሪዝማን ዝድህስስ ተግባር እዩ፡

ምስ ከም ሜድላይን (ኦቪድ) ኢምቤስ (ኦቪድ) ኤፓ ሳይሲንፎ (ኦቪድ) ከምኡውን ሲናሂል ዝኣመሰሉ ሸሞንተ ናይ ሓበሬታ ኣብያተ - ጽሕፈት ምኽክር ተገይሩ እዩ፡፡

ብተወሳኺውን ካብቲ ኣብ ዝርዝረ-ጽሑፋት ዚርከብ ንመርኣዪ ስኖውቦል ዚምልከት ሓበሬታ እቲ ኽፉትን ተበጻሒን ዝኾነ ሓበሬታ ተመርሚሩ ነይሩ እዩ።

## ካብ ማሕበራዊ ጉዳያት ምግላል ኣብ ጥዕና 5 ጸፍሒታት መንእሰያት ስደተኛታት ዘሕደሮ ጽልዋ፣



### 01 ኣካላዊ ጥዕና

ኣብ ግዳም ዚግበር ንጥፈታት ቀይድታት ንምንቅስቓስ ኲነ ንኣካላዊ ምውስዋስ ኣካላት ድሩት ገይሩዎ ጸኒሑ እዩ።

ገሊኦም ስደተኛታት መንእሰያት ምስ ድቃስ፣ ምሕቃቕ ምግቢ፣ ከምኡውን ምስ ጥዕና ስኒ ዚተሓሓዙ ጸገማት ኣማዕቢሎም እዮም። ናብ ክንክን ጥዕና ምእታው ድማ ኣጸጋሚ እዩ ነይሩ።


### 02 ኣእምሮኣዊ ጥዕና

እቲ ናይ ጭንቀት መጠን፣ ሻቕሎትን፣ ድሕሪ ሕማቅ ተሞክሮ ዚመጽእ ጽቕጢ ናይ ስርዓት-ኣልቦነት ስምዒትን (PTSD) ምስ ኣጋጠመ፣ ጽምዋን፣ ርእስኻ ምግላልን፣ ዕጽዋን ዝያዳ ኽውስኽ ገይሩ እዩ። ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ኹነታት እውን ካብ ዝሓለፈ ሻቕሎት እናገደደ ኸይዱ እዩ።



### 03 ማሕበራዊ ጥዕና

ናይ ዕግታ ስጉምትታት መንእሰያት ስደተኛታት ምስ ማሕበራዊ መራኸቢኦም ንኸይራኸቡ ይኽልክሎም እዩ፣ ከምኡውን ዝያዳ ጽምዋ ክስምዖም ገይሩ እዩ፡፡ መንእሰያት ስደተኛታት ብዛዕባ ቤት ትምህርትን፣ ስራሕን፣ ባህልን፣ ሓዳስ ሃገሮምን ንኺመሃሩ ዝነበሮም ኣጋጣሚ ዝወሓደ እዩ ነይሩ።



### 04 ስምዒታዊ ጥዕና

ብሰንኪ ማሕበራዊ ጽምዋን ኣካላዊ ርሕቐትን፣ ጭንቀትን፣ ፍርሒን፣ ጓሂን ኽለዓል ክኢሉ እዩ፡፡ መንእሰያት ስደተኛታት ናይ ስድራቤት ደገፍን ናይ ስድራቤት ግጭትን ምትሕውዋስ ኣጋጢሙዎም ኢዩ። ቀኣጠባዊ ጸገማትን ሻቕሎትን ስለ ዝነበረ ድማ ውጥረት እናወሰኸ ክኸይድ ገይሩ እዩ።



### 05 መንፈሳዊ ጥዕና

ሃይማኖትን መንፈሳውነትን ንገሊኦም ስደተኛታት መንእሰያት ነቲ ለበዳ ንኺጻወሩዎ ሓጊዝዎም እዩ። ጸሎትን መንፈሳዊ ልምድታትን ምንጪ ተስፋን ምጽንናዕን እዮም ነይሮም።



## መንእሰያት ካብ ማሕበራዊ ጉዳያት ተገሊሎም ከለዉ ዝገበርዎም ነገራት



- ምንባብ
- ዕለታዊ ኹነታት ብጽሑፍ ምስናድ
- ስእሊ ምስኣል
- ሓድሽ ክእለት ምምሃር
- ጸሎት
- ብኢንተርነት ምዕላል
- ምስ ስድራ ቤትካ ምቕናይ
- ጸወታታት ብቪድዮ
- ስድራቤታዊ ዕዮ ገዛ

## መስርሕ ሜላታት ምጽዋር

### ብሕታዊ ደረጃ

- ዓርሰ-ምትእምማን፣ ኣረኣእያን፣ እወታዊ መንነትን
- ናይ ዕላማ ምህላውን ደሓንነት ስምዒትን
- ንስምዒታት መተንፈሲ ዚኾኑ መውጽኢታት ምርካብ
- ርእሰ-ኣድማዕነት ባህረ ምህናጽ
- ኣብ ገዛእ ርእስኻ ምውካልን ምትእምማንን
- ተዓጻጻፊ ምዃን
- ስግኣታት ምቕባል

### ደረጃ ስድራ ቤትን ማሕበረሰብን

- ዳርጋ ማሕበራዊ ምትእኽኻብን ምርኻብን
- ምስ ሰባት ናይ ምሕባር ስምዒት ከም ዚሓድረካ ምትብባዕ
- ንማሕበረሰብ ምድጋፍ
- ካብ ስድራ ቤትን ፈተውትን ደገፍ ምርካብ
- ካብ መዛኑኻን ካብ ማሕበረሰብካን ደጋፊ ሃዋሁው ምፍጣር

### ደረጃ ስርዓት

- ኣንፈት ጉዕዞ ምድንፋዕን፣ ደገፍን፣ ኣገልግሎትን ምርካብ
- ንምጥያስ መንእሰያት ስደተኛታትን፣ ትምህርትን ዝድግፍ ናይ መንግሥቲ ፖሊሲ




## መተዓረቕትን ዕንቅፋታትን፣ ንተጻዋርነትን ቅልጡፍ ሕውየትን

### ዕንቅፋታት

ውልቀ-ሰብ

- ንኢንተርነትን ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታትን ዘሎ ተበጻሕነት
- ርእሰ-ነቐፌታ (ናይ ገበን ስምዒትን ሕፍረትን)
- ካብ ማሕበራዊ ጉዳያት ምውጻእ
- ኣጠቓቕማ ትምባኾ
- ናይ ስድራ ቤት ግጭት
- ኣብ መንጎ መዛኑኻ ዝፍጠር ግጭት





ማሕበረሰባዊ

- ንማሕበራዊ ጥዕና ዘውስኑ ነገራት
- ምስ ካልኦት ናይ ማሕብደራዊ ምርኻብ ስእነት
- ካብ ኣገልግሎት ምርሓቕ ወይ ዘይምትእምማን

### ጽልዋ ዘለዎም ረቛሒታት



ጾታ
ስንክልና
ቋንቋ
ኣታዊ



ኣድልዎ
ካብ ማሕበራዊ ጉዳያት ናይ ምርሓቕን/ዕጽዋን ስጉምትታት
ተበጻሕነት መንግስታዊ ደገፍን ኣገልግሎታትን
(ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ምጥያስ፣ ገንዘባዊ)

### ብሕታዊ ደረጃ

- መንእሰያት ብኣካል ኰነ ብኢንተርነት ኣቢልካ ድሕንነት ብዘውሕስ መገዲ ምስ መዛኑኦም ምእንቲ ኺራኸቡ ምሕጋዝ፣
- ገለ ኻብዚ ኸኣ ዓርሰ ምትእምማን፣ ስግኣታት ምቕባልን ንኽህሉን፣ ብተወሳኺ ዕላማ ዘለዎ ስምዒት ንኽህሉን፣ መንእሰያት ስደተኛታት እወታዊ ናይ ምጽዋር ክእለቶም ንኸዓቢ ምድጋፍ፣
- ኣንጻር ኣሉታዊ ምክልኻል ዝኾነ ዓርሰ-ኣድማዕነት ምህናጽ፣

### ደረጃ ስድራ ቤትን ማሕበረሰብን

- ተጻዋርነት ከም ዚሰፍን ዚገብር ዕድል ንምፍጣር ብደረጃታት ስድራ ቤትን ማሕበረሰብን ደገፍ ምግባር፣
- ከም ወልቀሰባት ምእንቲ ኺህፍትሙ ዚገብሩ፣ ኣጋጣሚታት ንኽፍጠሩ ብሕታዊ ቦታ ምሃብ፣
- ነቲ ዘለዎም ጽንኩር ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ንምህናጽ ዘለዎም ዓቕሚ፣ ከምኡውን ናይ ዓርሰ ምትእምማን ስምዒት ንኽማሓየሽ ምሕጋዝ፣

### ደረጃ ሜላ

- ዝተወሃሃደ ፖሊሲ ጥዕናን ምጥያስን፣
- ብመንግስትን መንግስታዊ ዘይኮኑ ትካላትን ዝግበር እዋናውን፣ ባህላዊ ተኣፋፊነትን ዘለዎ ማሕበራዊ ደገፍ፣
- እንዳቐጸለ ዝርከብን መዛኑ ዝተዋፈሩሉን ምርምር፣

